ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር - ጀርመን الجمعية الديمقراطية الارترية

Eritreische Demokratische Vereinigung e.V.

Eritrean Democratic Association

# ኣገዳሲ መግለጺ ሽማግለ ዞባ ጀርመን ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ

ብስም ሽምግለ ኪዳን ጀርመን፡ ብዕለት 23.06.2005 ዓ.ም. ብዛዕባ ፈስቲቫል ኪዳን ኣብ መርበብ ኢንተርነት ዝወጸ መግለጺ ተመልኪትና፡ እዚ ዝስዕብ ግጉይ ሓበሬታታት ዘጠቓለለ ኰይኑ ድማ ረኺብናዮ።

1. ጉዳይ ፈስቲቫል ኪዳን፡ ንውድብና ብዘዋሰነ ኣገባብ ኣብ መንጎ ውሱን ውድባት ምምኽኻር ምስ ተገብረሉን ምስ ተወድኣን፡ ጉደናታት ምስ ጸገቦን መልክዕ ንኽለብስ ናብ ሽማግለ ዝመጸ ጉዳይ ድኣምበር፡ ኣብ ሽማግለ ዝበቈለ ዘይምዃኑ ንጹር ኪኸውን ንደሊ።
2. ጉዳይ ፈስቲቫል ኣብ ሽማግለ ምስ መጸ እውን፡ ብወገን ወኪል ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ፡ ፈስቲቫል ኪዳን ኪገብር ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ፡ ርእሱ ኣብ ዝኸኣለ ቦታን ግዜን ኪሰናዳእ ከምንርኢ፡ ምስ ናይ ካልእ ውድባት ጸኒሓዊ ፈስቲቫላት ምስ ዝዛመድ ግን፡ ናይቲ ውድባት እቲ ጸኒሓዊ ምስሕሓባት ዝገደፎ ዘይተኣልየ መረረታት ወራሲ ብምዃን ዘይቅዱው ኩነታት ብምሕዳስ ንድሕሪት ኪመልሰና ከምዝኽእል ብሩህ እናሃለወ ድማ ተደፊኡሉ።
3. እዚ ጉዳይዚ፡ ድሕሪ ምቛም ኪዳን፡ ከም ቨኾሪ ሓባራዊ ስራሕ ብስምምዕን ስኒትን ድኣምበር፡ ብዘየድሊ ጕስጓስን ናብ ውሳኔታት ብምጕያይን ኪኸውን ከምዘይግባእ ኣብ ርእሲ ምንጻርና፡ እቲ ሽማግለ ኪዳን ንባዕሉ ካብ ስርርዓዊ መምርሒ ኪዳን ብዝወጸ መልክዕ ዝቘመ ብምዃኑ ንምውሳን ዘየብቅዖ ኣተሃላልዋ ከምዝሓዘ ወኪልና ገሊጹዎ ኢዩ።
4. እቲ ሓቂ እዚ እንከሎ፡ ቅድም ኪብል፡ ናይ ተ.ሓ.ኤ-ሃገራዊ ጉባኤ መበል 20 ፈሲቫል ኰይኑ ተኣዊጁን ዕድመ ተጌሩሉን ከብቅዕ፡ ድሕርካ ነዚ ከም ናይ ኪዳን ፈሲቫል ኪውሰድ እተደልየሉ ምኽንያት ብሩህን ምኽኑይን ዘይምዃኑ ንርኢ።
5. ኣብቲ ዝወጸ ጋዜጣዊ መግለጺ ከምዝተሓበረ ሽማግለ ፈስቲቫል ኪዳን ምስ ሽማግለ ፈስቲቫል ተ.ሓ.ኤ ሃገራዊ ጉባኤ ክሰርሕ ወሰነ ምባልን ብዚ ኣገባብ ክኸውን ምውሳኑን ኩሉ-ሽነኻዊ ጠመተ ዘይተገብረሉን ነቲ ኣብ ጎደናታት ክኸይድ ዝጸንሐ ንስኒት ዘይተበገሰ ኩነት ዘራጎደን፥ ነጸ ናይ ኪዳን መደብ ክበሃል ኣጸጋምን ኮይኑ ንረኽቦ።
6. ብዚ ከይተወሰነ፡ እተባህለ ውሳኔ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ተቓውሞ ዘመዝገበሉ፡ ወኪል ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ካብ ምድማጽ እተቘጠበሉ ጉዳይ ኔሩ ክነሱ፡ ብምሉእ ድምጺ ሽማግለ ጸዲቑ ኪብል ኣብ ወብ-ሳይታት ዝተገልጸ ካብ ሓቂ ዝርሓቐ ሓበሬታ ምዝርጋሕ ንምንታይ ኢዩ ተደልዩ ጸሓፍቲ ጥራይ ዝፈልጡዎ ነገር ይኸውን። ሓቅነት ከምዘይብሉ ግን ነረጋግጽ። ብዚ መሰረት፡ መልክዑን መስርዑን ስሒቱ ዝመጸ፡ ንስኒትን ምትእምማንን ኣብ ግምት ዘየእተወ፡ ንህንጸት ናይ ኪዳን ድማ ሓጋዚ ዘይኮነ ንመርገጽ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ብምጽላም ዝተበከለ ሃዋሁው ዝተኸበበ ብምዃኑ፡ እዚ ብወገንና ዘይነሰንዮ ውራይ ኰይኑ ከምዝረኸብናዮ ነረጋግጽ።

7. ናይ ኪዳን ፈስቲቫላትን በዓላትን ካብ ናይ ውድባት መድረኻትን ግርጭታቱን ርሒቑ ካብ ናይ ስርሒታት ዕንክሊል ብዝወጸ ናይ ስኒት መንፈስ ዝሓዘን ርእሱ ዝኸኣለን ኰይኑ ኪስራዕን ኪጽዋዕን ግን ከምእንድግፎ፥ ብንውንኖ ዓቕሚ ድማ ኣጥቢቕና ከምንሰርሓሉን ነረጋግጽ።
8. በዚ ኣጋጣሚዚ ድማ ንምቛምን ውህደትን ጨናፍራት ኤ.ዲ.ኪ. ዝምልከቶ ኣካል ነዚ ክውንነትዚ ቅኑዕ መስመሩ ከትሕዞን ከምቲ ኪዳን ዝተላዕለሉ መንፈስ ስኒትን ምክብባርን ምጽውዋርን ዝሰፈኖ ሃዋህው ንኽፍጠር ክከታተል ማዕረቲ ተሰኪምዎ ዘሎ ናይ ህዝቢ ተስፋ ክሕብሕብን ከስርሕን ኣጥቢቕና ንላቦ።
9. ኣብ መደምደምታ መግለጺና ደጊምና ከነረጋግጾ እንደሊ ድማ ንሕና ከምዞባ ጀርመን ንስኒት ዝዕንቅጽን ኣቐዲሙ ባይታ ዘይተነጽፈሉ ህውኽን ኣገባብ ኣሰራርሓ እናነጸግና ነቲ ኣብ ምቛሙ ውድብና ዓቢ እጃም ዘበርከተሉ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምህናጽን ምሕያልን ብትሪ ክንሰርሕ ምዃና ብዕትበት ነረጋግጽ።

ምስ ሰናይ ትምኒት!!
ዓወት ንስኒታውን ናይ ምክብባርን ኣገባብ ኣሰራርሓ !!
ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና

ሽማግለ ዞባ ጀርመን
ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ